# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ
# (8ይ ክፋል)



*ታሪኽ ግፍዒታት ገዛእቲ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቍጻር ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግባእ፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒን ገበንን ብጽምቍ ዝበለ ንኣንበብታ ተቕርብ። እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናድአት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ኣስፈራቶ ዘላ ኮይኑ ንኣሽቱ ለውጢታት ተገይርሉ ከምዘሎ ንሕብር።*

እቲ ብ31 ጥሪ ለይቲ 1975 ዝጀመረ ብ"ዕግርግር ኣስመራ" ዝፍለጥ ቅንያት፡ በቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ዝቐረበ ዝርዝራት ናይቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝወረደ ኣደራዕ፡ ግፍዒን ስቓይን ኣየብቅዐን። ብ8 ለካቲት 1975፡ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቐትሪ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ብረትን ጥይትን ካብ ኣዲስ ኣበባ ጽዒነን ዝመጻ ዝነበራ 25 መካይን፡ ኣብ መንጎ ኣስመራን ደቀምሓረን ኣብ ድብያ ኣእትዮም ብምድምሳስ ብዙሕ ብረትን ተተኳሲን ሰለቡ። ልክዕ ኣብዚ ዕለት'ዚ ብለይቲ ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታትን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ኣብ ልዕሊ

መዓስከር ቃኘው ሓባራዊ መጥቃዕቲ ፈጸሙ። ወተሃደራት ደርግ ድማ፡ ሕን-ሕነ ናይዚ ዘሰንብር መጥቃዕታት'ዚ፡ ግፍዒታቶም ኣብ ልዕሊ ተቐማጢ ኣስመራ ቀጸልዎ።

ህዝቢ ኣስመራ ኣብዘን ቀዳሞት መዓልታት ናይ ለካቲት 1975 ኣብ ከቢድ ወጥሪ ድሕሪ ምቕናዩ፡ ገለ ካብቶም ምስ ተጋደልቲ ዝዋግኡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኮማንድስ፡ "ህዝብና ብጦር ሰራዊት ይጠፍእ ኣሎ" ኢሎም፡ ናይ ሓለዋ ነቑጣታቶም ጠንጢኖም፡ ተጠርኒፎም ብጉያ ናብ ኣስመራ ብምምጻእ፡ ምስ ጦር ሰራዊት ኣብ ምትፍናን ኣተው። በዚ ምትፍናን'ዚ ጦር ሰራዊት ስለዝሰግኡ እቲ ኩነታት ብመጠኑ ክሃድእ ከኣለ። ድሕሪ'ዚ ዘስካሕክሕ ፍጻመ'ዚ ንስርዓት ደርግ ብምርሕራሕ ንሜዳ ወጺኦም፡ ኣብ ጎድኒ ተጋደልቲ ኣሕዋቶም ብምስላፍ፡ ብረቶም ኣንጻር ጸላኢ ዘቕንዑ ኮማንድስ ብዙሓት ነበሩ።



ባር ኣማኑኤል

መጥቃዕቲታትን ስርሒታትን ተጋደልቲ ኣብ ውሽጢ ኣስመራን ከባቢኣን ይኹን ካልእ ከባቢታት ቀጻሊ ስለዝነበረ፡ ስርዓት ደርግ ጸጥታዊ ኩነታት ኣስመራ መትሓዚን መጨበጢን ሰኣኑ። በዚ ከኣ፡ ካብ ማእከል ኢትዮጵያ ቀጻሊ ሓይሊ እናደረበ ይኸይድ ነበረ። ኣስመራ ካብ ዝተፈላለዩ ኣሃዱታት ሰራዊት ኢትዮጵያ ንሓገዝ ዝመጹ፡ ምእኩል ጥርናፈ ዘይነበሮም ወተሃደራት ሓይሊ ምድሪ፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ሓይሊ ኣየር፡ ኣየርወለድ ተዘርእዋ። ተጋደልቲ ደገፍ ናይ ህዝቢ ኣለዎም ብዝብል ድማ፡ እዞም፡ ምእኩል መሪሕነት ዘይነበሮም በብዓይነቶም ዕጡቓት፡ ነቲ ኩነታት ንምቁጽጻር በብፋንጋኦም ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝመስሎም

ስጉምቲታት ይወስዱ ነበሩ። ንጥፈታት ናይዞም ካብ ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ዝመጹ ወተሃደራትን ናይ ጸጥታ ኣካላትን ዘወሃህድ ኣካል ኣይነበረን። ኣብ ርእሲ'ዞም ወተሃደራት፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብቐጥታ ብመንግስቱ ሃይለማርያም መምርሒ ተዋሂብዎም ዝመጹ ዝተፈላለዩ ናይ ጸጥታ ጉጅለታት፡ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ እዚ 2ይ ክፍለጦርን ናይ ጸጥታ ትካላትን ዘይፈልጥዎ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ስጉምቲታት ይወስዱ ነበሩ። በዚ ድማ መን እንታይ ይገብር ነይሩ፡ ብመን ተኣዚዙ ብልክዕ ዘይፍለጠሉ ሕንፍሽፍሽ ሃዋህው ሰፊኑ ነበረ። ከም ውጽኢቱ ህዝቢ ኣስመራ ብሓፈሻ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ብብዝሒ ግዳይ ማሕነቕቲን ቅትለትን ኮኑ። ቅትለት ባር ኣማኑኤል፡ ኰለኔል ብሹ ብተጋደልቲ ምስ ተቐትለ ኣምሳያኡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ዝተፈጸመ ጃምላዊ ቅትለት ገለ ካብቶም ጎሊሖም ዝጥቀሱ ባርባራዊ ተግባራት እዮም። ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ካብ ገዝኡ ምስ ወጸ ብኡ ኣቢሉ ድሃይ ዘይብሉ ዝጠፍአ፡ ወይ ሬሳኡ ኣብ ጎልጎል ተደርብዩ ዝጸንሕ ዝነበረ ኤርትራዊ ብብዝሒ ነበረ። ዓመተ 1975 ወርሒ ለካቲት እምበኣር፡ ኣስመራ፡ ኣብ ታሪኻ፡ እቲ ዝኸፍአ ግፍዒ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ዝርአየትሉ እዋን ነበረ።



ገለ ካብ ግዳያት ገጀረት

ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣስመራ እቲ ዝበዝሐ ግፍዒ ዝተፈጸመላ ከተማ ትኹን እምበር፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ካልኦት ከተማታት ኤርትራ'ውን መጠኑ ዝፈላለ ተመሳሳሊ ግፍዒታት ይፍጽሙ ነይሮም እዮም። ብዘይካ'ዚ ወተሃደራት ደርግ ኣብ ዓድታት ከባቢ ኣስመራ፡ ምስ ተጋደልቲ ኣብ ዝገጥምሉ፡ ኣብቲ ውግእ ዝተኻየደሉ

ከባቢ ንዝርከባ ዓድታትን ህዝበንን ምብስባስን ምንዳድን ልሙድ ተግባሮም ኮይኑ ነበረ። ወኪ-ድባ፡ ዓንዲ ቆንጺ፡ ዓዲ ንፋስ፡ ዓዲ-ባዃኳይ፡ ገዛ ላምዛ ከባቢ ድባርዋ፡ ገለ ካብተን ወተሃደራት ደርግ ኣማኢት ዜጋታት ዝቐተሉለን፡ ብዙሕ ኣባይቲ ዘቃጸሉለን ከባቢታት እየን። በዚ ተግባር'ዚ ዓዲ ቆንጺ ኣባይታ ኩሉ ተቓጺሉ ምሉእ ብምሉእ ክትድምሰስ እንከላ፡ ኣብ ዓደ-ባዃኳይ፡ 55 ቆልዓ-ሰበይቲን ኣረጋውያንን ዝርከብዎም ሰባት ብሓባር ዝተረሸንሉ ፍጻመ፡ ውሑድ ኣብነታት ካብቲ ዝፍጸም ዝነበረ ዘስካሕክሕ ግፍዒታት እዩ።




ወኪድባ

እዚ ናይ ለካቲት 1975 ውግኣት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ግፍዒታትን፡ ኣቓልቦ ማዕከናት ዜና ዓለም ስለዝሰሓበ፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣጉሊሑ፡ ንተፈላጥነት ሰውራ ኤርትራ ከዕብዮ ክኢሉ እዩ። ስርዓት ደርግ፡ ንህዝቢ ብራዕዲን ሽበራን ንምንብርካኽ ዝፈጸሞ ሰፊሕ ገበን ኣብ ልዕሊ ሰብኣውነት፡ ብኣንጻር'ቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ውጽኢት፡ ካልእ ምዕባለታት ወለደ። ንባህጊ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣዕሪጉ፡ ኣሽሓት ኤርትራውያን ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክጽንበሩ ደረኸ። በዚ ድማ ኣብ መወዳእታ 1974 ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕ ናይ 1975 ጥራይ ናብ ክልቲኡ ውድባት ሰውራ ኤርትራ ልዕሊ 10,000 መንእሰያት ተሰለፉ። መብዛሕትኦም እዞም መንእሰያት ትሕቲ 20 ዓመት ዝዕድመኦም ካብ ኩሉ ከተማታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ከምኡ'ውን ገጠራት ዝወጹ ኮይኖም፡ ዝበዝሑ ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ነበሩ። ናይ ዩኒቨርስቲ ተማሃሮ፡ መማህራን፡ ሓካይም፡ ኣባላት ፖሊስን ኮማንድስን፡ ሰራሕተኛታት ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲን ብሕቲን እውን ኣብ መንጎኦም ነበሩ። እዚ ገዚፍ ዋሕዚ መንእሰያት ናብ ሰውራ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝተወሰነ ኣይነበረን። ብዙሓት ተማሃሮ ደቀንስትዮ እውን ጸጉረን ቆሪጸን፡ ቁምጣ ስረ ለቢሰን፡ ምስ ጸላኢ ክገጥማ

ብልዑል ወኒን ኒሕን ኣብ ጎድኒ ደቂ-ተባዕትዮ ኣሕዋተን ተሰለፉ። እዚ መድረኽ'ዚ ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ሰውራ መሰረታዊ ለውጢ ዘምጽኣሉ ግዜ ነበረ። ብዝሒ ሱታፌ ደቀንስትዮ ኣብ ሰውራን ጅግንነተንን፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝነበረ ንደቀንስትዮ ዘቛናጽብ ያታዊ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ተቐይሩ፡ እወታዊ ኣመለኻኽታን ኣድናቖትን ኣብ ልዕሊ ዓቕሚን ሞያን ደቀንስትዮ ክምጽእ ዘኽኣለ ረቛሒ እዩ።

እዞም ሓደስቲ ተሰለፍቲ ተማሃሮን ዝተፈላለየ ክእለትን ሞያን ዝነበሮም ሰራሕተኛታትን፡ ንዓቕሚ ሰውራ ኤርትራ ብኹሉ መዳይ ዓቢ ዝላ ኣምጺኦምሉ እዮም። ኣቓውማ ሰራዊት ክሳብ ሽዑ ብደረጃ ሓይልታት ዝነበረ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ደረጃ ቦጠሎንታትን ብርጌዳትን ክሰግር እንከሎ፡ ውድባት ሰውራ ኤርትራ ኣውራ ድማ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ኣብ ደጀነን፡ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ዘካይዳ ትካላት ክምስርታን ከማዕብላን ዓቢ ድርኺት ዝፈጠረ እዩ።

መድረኽ 1975 ኣብ ኣስመራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ስርዓት ደርግ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ኤርትራ፡ ዘስካሕክሕ ግፍዒታት ዝፈጸመሉ እዋን እዩ ነይሩ። ገለ ካብ ዓበይቲ ገበናት ስርዓት ደርግ፡ ኣብ መጋቢት 1975 ኣብ ኣቑርደት ዝተፈጸመ፡ ብ"ብጸላም ሰንበት" ዝፍለጥ፡ 467 ተቐማጠ ዝተቐትሉሉ 80 ዝቘሰሉሉ፡ 150 ኣባይቲ ዝተቓጸሉ ጃምላዊ ህልቂት፡ ኣብ ሚያዝያ 1975 ክምኡ'ውን መጋቢት 1976 ክልተ ግዜ ኣብ ሕርጊጎ ዝተፈጸመ 500 ዜጋታት ብጠያይትን ካራሩን ብኣዝዩ ዘስካሕክሕ ኣገባብ ዝሃለቕሉን 130 ዝቘስልሉን ፍጻመ፡ ኣብ መጋቢት 1975 ኣብ እምበረሚ ዝተፈጸመ 73 ዜጋታት ብጃምላ ዝተረሸረሸሉን ብዙሕ ኣባይቲ ናይታ ዓዲ ዝተደምሰሰሉ፡ ካብ 1975 ክሳብ 1979 ኣብ ዝነበረ እዋን ኣብ ዓሰብ ዝተፈጸመ ኣማኢት ዜጋታት ዝተቐትሉሉ፡ ኣብ ዓዲ ቀይሕ 175 ዜጋታት ዝተረሸረሸሉ ግፍዒታት ብኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። ኣብ ሰንሒት ኣብ ዓድታት ወረዳ ዓንሰባ ለመጨለ፡ ደብረ-ሓሊብ፡ ሓድሽ ዓዲ፡ ፍርክቱ፡ ዋስዳንባ፡ ጉሽ፡ መህድግ ወዘተ. ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ደቀምሓረ፡ ማይ ዕዳጋ፡ ዝተፈጸመ ቅትለታት እውን ገለ ካብቲ ብኣብነት ኪጥቀስ ዝኽእል እዩ።

ዓመተ ጃምላዊ ህልቂት 1975 ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ኩነታት ድሕሪ ምሕላፉ፡ ካብ 1976 ክሳብ 1978 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሰውራ ኤርትራ ብብዝሒ ሰብን ኣጽዋርን ኮነ ብኣወዳድባን ናይ ውግእ ተሞኩሮን እናሓየለ

ዝኸደሉ፡ ብኣንጻሩ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ካብ ምዕራባውያን ሃገራት ኣውራ ድማ ካብ ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ዝረኸቦ ዝነበረ ደገፍ ስለዝሓጸሮን ብቐጻሊ መጥቃዕቲታት ሰውራ ዘሰንብር ጉድኣት ስለዝወረዶን ኣዝዩ ዝተዳኸመሉ መድረኽ ነበረ። ከም ውጽኢቱ ካብ መወዳእታ 1976 ክሳብ ጥሪ 1978 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ሰራዊት ህ.ግ. "ሰብን መሬትን በብቐሩብ ሓራ ምውጻእ" ብዝብል ውሳነ፡ መጠነ ሰፊሕን ቀጻሊን መጥቃዕቲታት ብምክያድ፡ ንዝበዝሓ ከተማታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ዘእተወሉ፡ ብድሙቕ ዓወታት ሰውራ ዝልለ ግዜ ነበረ።

ስርዓት ደርግ፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ እዋን ኣብ ጸቢብ ከባቢታት ይተሓጸር እምበር፡ ሕነ ናይቲ ብተጋደልቲ ዝወርዶ ዝነበረ ዘሰንብር መጥቃዕቲታት፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፍጽሞ ዝነበረ ግፍዒታት ውሑድ ኣይነበረን። ሰራዊት ጸላኢ ብዝወፈሮ ብተጋደልቲ ከቢድ ጉድኣት እንክወርዶ ሕነኡ ኣብ ቅድሚኡ ዝጸንሖ ሰላማዊ ህዝቢን ዓድታትን ብምልካም ክፈዲ ይፍትን ነበረ። ነቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ ክበጽሖ ዘይክኣለ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰውራ ዝኣተወ ሰፊሕ ገጠራት ከኣ፡ ብደብዳብ ነፈርቲ ውግእ ከረኻኽበሉ ይፍትን ነበረ። በቲ ዝፍጸም ዝነበረ ደብዳብ፡ ኣብ ልዕሊ ህይወትን ንብረትን ሰላማዊ ህዝቢ ዚወረደ ጉድኣት ከቢድ እዩ። ኣስታት 170 ሰባት ዝተቐትልሉ ተደጋጋሚ ደብዳብ ነፈርቲ ውግእ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ መንደፈራ (1978)፡ ኣብ ግንቦት 1978 ኣብ ድግሳ፡ ህዝባዊ ባይቶ ንምቛም ህዝቢ ድግሳን ከባቢኣን ኣብ ዝተኣከበሉ ኣጋጣሚ፡ ስርዓት ደርግ ሓበሬታ በጺሕዎ፡ ነፈርቲ ውግእ ብምልኣኽ፡ ኣብ ልዕሊ ኣኼበኛታት ዝፈጸሞ ደብዳብ፡ ሒደት ካብቲ ብዙሕ ተመሳሳሊ ባርባራዊ ግፍዒታት እዩ።